LÄKEMEDELSVERKET
SWEDISH MEDICAL PRODUCTS AGENCY

Folkhälsomyndigheten

https://www.lakemedelsverket.se/sv/coronavirus/coronavaccin/detta-galler-om-coronavaccin

# እዚ ንኮሮና ቫይረስ ዚምልከት ኢዩ

ተሓቲሙ፥ 25 ጥሪ 2021
ጸኒሑ እተመሓየሸ፥ 23 ነሓሰ 2021

**ኣብሃገር ሽወደን እቲ ኣንጻር ኮቪድ-19 ዝኾነ ክታበት ጥሪ 2021 ኢዩ ጀሚሩ፡ ናይ ምኽታብ ድሌት ድማ ዓቢ ኢዩ። ይኹንምበር ንክታበት ዚምልከት ብዙሕ ዘይምርዳእን ኣጉል እምነትን ጌጋ ሓበሬታን ሰፊኑ ኣሎ፡ እዚ ድማ ኣብ ብዙሓት ሰባት ግጉይ ርድኢትን ጭንቀትን ኣምጺኡ ኣሎ።**

## ካብ ብለበዳ እትሓምም ክታበት ምፍታን ይሓይሽ

**ካብ ኣንጻር ኮቪድ-19 ምኽታብ ንላዕሊ ምሕማም ይምረጽ ዚብል ግጉይ ሓበሬታ መጺኡ ኣሎ። እዚ ግን ልክዕ ኣይኮነን።**

ካብ ናይ መልከፍቲ ሕማም ምህላው ክታበት ምውሳድ ይምረጽ። ብመልከፍቲ ዚለዓሉ ብዙሓት ሕማማት የምጽኡ፡ ምስ ሓወኻ እውን ምሳኻ ዚነብሩ ንነዊሕ ግዜ ዚኸዱ ሕክምናዊ ጸገማት ከኸትሉ ይኽእሉ ኢዮም።

ኮቪድ-19 ሓደገኛን ዘይትጽበዮን ሕማም ብምዃኑ ኣብ ዓለምና ኣስታት 4.5 ሚልዮን ሰባት ቀቲሉ ኣሎ፡ ካብዚኣቶም ድማ እቶም 14 600 ሽወደናውያን ኢዮም። ክታበት ምውሳድ ካብቲ ብዘይምኽታብ ዚመጽእ ሓደገኛ ጎድናዊ ሳዕቤናት ይምረጽ።

*Mer information finns på Folkhälsomyndighetens webbplats*

https://www.folkhalsomyndigheten.se/smittskydd-beredskap/utbrott/aktuella-utbrott/covid-19/skydda-dig-och-andra/rad-och-information-till-riskgrupper/

## ኣብ ክንዲ ኣብ ድልዱል ተጻዋርነት ሕማም ምምርኳስ፡ ኣንጻር ኮቪድ-19 ምኽታብ ይምረጽ

**ካብ ኣንጻር ኮቪድ-19 ምኽታብ ንላዕሊ ኣብቲ ሓያል ናይ ተጻዋርነትካ ዓቕሚ ምምርኳስ ይምረጽ ዚብል ርእይቶ ኣሎ። እዚ ግን ግጉይ ርእይቶ ኢዩ።**

ሓያል ናይ ረኽሲ ምክልኻል ዓቕሚ ምህላው ንእተፈላለዩ ረኽስታት ክንጻወር ከም ዘኽእለና ፍሉጥ ኢዩ። ይኹንበር፡ ሓደ ሰብ ኣቐዲሙ ንሓደ ፍሉይ ረክሲ እኹል ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ምህላዉ ኪፈልጥ ኣይክእልን ኢዩ፡ ዕድለይ ክርእይ ምባል ድማ ጌጋ ኢዩ። ኮቪድ-19 ሓድሽ ሕማም ኢዩ። እቲ SARS-Cov-2 እተባህለ ቫይረስ ኣብ ታሕሳስ 2019 እዩ ተፈሊጡ፡ ስለዚ ገለ ሰባት ኣቐዲሞም ኣንጻር'ዚ ሕማም'ዚ ተጻዋርነት ኣለዎም ኢልካ ንምዝራብ እኹል ሳየንሳዊ መርትዖ የልቦን።

ስለዚ ነብስኻ ካብ ተመሓላላፍን ሓደገኛን መልከፍቲ ንምድሓን፡ እቲ ዝሓሸ መገዲ ምኽታብ ኢዩ።.

*ክታበትን ምኽታብን*

https://www.lakemedelsverket.se/sv/behandling-och-forskrivning/vaccin

# እቶም ብኤውሮጳዊ ሕብረት ዝጸደቑ ናይ ኮሮና ክታበታት ጽቡቕ ምክልኻል ይህቡ ኢዮም

**ኣንጻር ኮቪድ-19 ምኽታብ ነቲ ሕማም ንምጽዋር እኹል ምክልኻል ኣይህብን ኢዩ ዚብል ዝንቡዕ ሓበሬታ ይወሃብ ኣሎ። እዚ ግን ልክዕ ኣይኮነን።**

ንሓደገኛ ናይ ለበዳ ሕማም ንምክልኻል ክታበት ከም ዘድሊ ሰፊሕ ታሪኻዊ ፍልጠት ኣሎ። ክታበታት ከም ልሙድ 60-90% ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣለዎም፡ እዚ ድማ ንኣኻ ይከላኸለልካ ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ሕማም'ውን ካብ ምዝርጋሕ ይዓግቶ ኢዩ። እቲ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ብጉድለ ደረጃ ኢዩ ዚዕቀን፡ እዚ ድማ ኣብቲ ብዙሓት ሰባት ዚሳተፉዎ ናይ ክሊኒካት ናይ መርመራ ውጽኢታት ይምርኮስ። ንሓደ ውልቀሰብ ንበይኑ ድሕሪ ክታበት እንታይ ዓይነት ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኪህሉዎ ይኽእል ኢልካ ክትውስን ግን ኣይከኣልን።

እቶም ኣብ ሃገር ሽወደን ቅቡላት ዝኾኑ ጻረ ኮቪድ-19 ክታበታት ኣብ 20 ሽሕ-40 ሽሕ ሰባት ተፈቲኖም ኢዮም። ኣንጻር ኮቪድ ዝኾነ ግሩም ምክልኻል ዓቕሚ ከም ዘለዎም ድማ ተራእዩ ኢዩ። ኮቪድ-19 ናብ ሓደገኛ ሕማምን ክሳዕ ሞትን ከብጽሕ ዚኽእል ሕማም ኢዩ። ብፍላይ ድማ ኣብቶም ኣረጋውያንን ተነቀፍትን ጉጅለታት። ስለዚ ክሳዕ ዚከኣል ብዙሓት ኪኽተቡ ይግባእ። ብፍላይ ድማ እቶም ኣብ ተነቃፊ ጉጅለ ዘለዉ።

*Mer om effekten av vaccinationsprogram på Folkhälsomyndighetens webbplats*

https://www.folkhalsomyndigheten.se/smittskydd-beredskap/vaccinationer/vaccinationsprogram/uppfoljning-av-vaccinationsprogram/infografik-om-effekten-av-vaccinationsprogram/

# ቫይታሚን ዲ፡ ኢቨርመክቲንን ክሎሮኪንፎስፋት ንኮቪድ-19 ኪከላኸል ወይ ከሕዊ ኣይክእልን

**ቫይታሚን ዲ፡ ኢቨርመክቲንን ክሎሮኪንፎስፋት ኣንጻር ኮቪድ-19 ይከላኸል ኢዩ ወይ የሕዊ ኢዩ ዚብል ግጉይ ሓበሬታ ይዝርጋሕ ኣሎ። እዚ ግን ልክዕ ኣይኮነን።**

ቫይታሚን ዲ፡ ኢቨርመክቲን ወይ ክሎሮኪንፎስፋት ንኮቪድ-19 ኪከላኸል ወይ ኪፍውስ ይኽእል'ዩ ዚብል ምንም ኣብ ሳየንስ እተመርኮሰ ዘተኣማምን መርትዖ የልቦን። ነዘን እተባህላ መድሃኒታት ዚምልከት ኣብ መላእ ዓለም ብዙሕ መጽናዕቲ ተኻዪዱ፡ ግን ክሳዕ ሕጂ ናይዘን መድሃኒታት እዚኣተን ብቕዓት ብዘእምን መገዲ ኪቐርብ ኣይከኣለን።።

ክሎሮኪንፎስፋት ኣንጻር ዓሶ ዚውሃብ መድሃኒት ኮይኑ፡ ካብ ልክዑ ምስ ዚሓልፍ ሓደገኛ ጎድናዊ ሳዕቤን ኣለዎ። ኢቨርመክቲን ኣንጻር እተፈላለዩ ንወድሰብን ንእንስሳታትን ዘጥቅዑ ናይ ባልዕ ረኽስታት ኢዩ ዚዝወተር። EMA ንኽልቲኣቶም መድሃኒታት መርሚሩ ምስ ኣብቀዐ ኣንጻር ኮቪድ-19 ምንም ብቕዓት ከም ዘይብሎም ሓቢሩ ኣሎ።

ቫይታሚን ዲ ኣብ ኣካላትና ብጸሓይን ብልሙድ መግብን ይፍጠር ኢዩ፡ ካብ ተወሰኽቲ ናይ ምግቢ ቫይታሚናት እውን ይርከብ ኢዩ። ብመሰረት በዓልመዚ ጥረ መግብታት፡ ጉድለት ቫይታሚን ዲ ኣብ ስርዓት እስትንፋሳት ረኽሲ ይፈጥር እዩ፡ ይኹንምበር ኣብዚ ግዜ'ዚ ቫይታሚን ዲ ነቲ ናይ ለበዳ ምስፍሕፋሕ ኩነታት ኪቕንሶ ዚኽእል ወይ ድማ ነቲ ሓደገኛ ናይ ኮቪድ-19 ሕማማት መሊሱ ከግድዶ ዚኽእል ምዃኑ እኹል ፍልጠት የልቦን።

https://www.lakemedelsverket.se/sv/nyheter/paminnelse-om-riskerna-med-klorokin-och-hydroxiklorokin-vid-behandling-av-covid-19

https://www.lakemedelsverket.se/sv/nyheter/ema-avrader-fran-anvandning-av-ivermektin-mot-covid-19

https://www.livsmedelsverket.se/livsmedel-och-innehall/naringsamne/vitaminer-och-antioxidanter/d-vitamin#D-vitamin_och_covid-19

## ኣብ መንጎ ክታበትን ናይ ኣውቲዝም ሕማምን ምንም ዝምድና የልቦን

**ክታበት ምውሳድ ናይ ኣውቲዝም ሕማም የምጽእ ኢዩ ዚብል ዝንቡዕ ሓበሬታ ይዝርጋሕ ኣሎ። እዚ ግን ልክዕ ኣይኮነን።**

ክታበት ነቲ ኣውቲዝም ዚብሃል ሕማም ክስዕብ ይኽእል ኢዩ ዚብል ጥርጣረ ኣብቲ ብ 1998 ኣብ ላንሰት ዚብሃል ሳየንሳዊ መጽሄት መጽናዕቲ እተመርኮሰ ኢዩ። ይኹንምበር፡ ሽሕኳ እቶም ነቲ ዓንቀጽ ዝጸሓፉ ሰባት ኣብ መንጎ MPR-ክታበትን ኦውቲዝምን ብመጽናዕቲ እተደገፍ ምንም ርክብ ከም ዘየሎ እንተ ገለጹ፡ እቲ ዓንቀጽ ከምዚ ብምቅላሑ ግን ተነቒፉ ኢዩ (Lee ካልኦትን፡ ላንሰት Lancet, 1998).

ብድሕር'ዚ መብዛሕትኦም ተመራመርቲ ጉጅለ ካብቲ ኣተራጉማ ናይቲ ዓንቀጽ (Murch ካልኦትን፡ Lancet, 2004) ኢዶም ስሒቦም። ጸኒሑ፡ ኣብቲ መጽናዕቲ ገለ ዚገራጮ ነገራት ምስ ተራእየ፡ እቲ ዓንቀጽ ብላንሰት እውን ተሳሒቡ (Lancet፡ የካቲት 2, 2010) ኢዩ። ካልኦት ገዲፍካ፡ ደንማርክን ፊንላንድን ኣመሪካን ሰፊሕ ስነለበዳዊ መጽናዕቲ ገይረን ኢየን፡ ኣብኡ ድማ ንሳተን ነቲ ቅድምን ድሕርን ምውሳድ MPR-ክታበት ኣብ መንጎ ኣውቲዝምን ናይ መዓናጡ ቀጻሊ ሕማምን ዘሎ ዝምድና ኣነጻጺረንኦ። ኣብ ዝኾነ መጽናዕቲ ድማ ኣብ መንጎ ክታበትን እቲ እተጠቕሰ ሕማምን ዝምድና ከም ዘይተራእየ ገሊጸን። ውድብ ጥዕና ዓለም እውን ነቲ ጉዳይ መርሚሩዎ ኢዩ።

https://www.folkhalsomyndigheten.se/smittskydd-beredskap/vaccinationer/fragor-och-svar/massling-passjuka-och-roda-hund/?exp=57171#_57171

## ክታበት ምውሳድ መኻንነት ኣይፈጥርን እዩ

**ክታበት ምውሳድ መኻንነት ይፈጥር ኢዩ ዚብል ዝንቡዕ ሓበሬታ ይናፈስ ኣሎ። እዚ ግን ልክዕ ኣይኮነን። ኣንጻር ኮቪድ-19 ዝዓለመ ክታበት ብምንም መገዲ ናይ ሰበይቲ ወይ ናይ ሰብኣይ ምምካን ከስዕብ ኣይክእልን ኢዩ።**

ኩሉ ተቐባልነት ዚረክብ መድሃኒት ወይ ክታበት ነቲ ዚመጽእ ሳዕቤናት ንምፍላጥ ወይ ንምልጋስ መጽናዕቲ ይግበረሉ ኢዩ። እቲ ኣፍራዪ ኩባንያ ኣብ ባዕሎም ሰባትን እንስሳታትን ወይ ኣብ ላቦራቶሪ ኮይኑ መርመራ የካየድ ኢዩ፡ ከምኡውን ቅድሚ ኣብ ሰባት ምዝውታሩ ነቲ መድሃኒት ኣብ ኣካላት ኣትዩ እንታይ ከም ዚሰርሕ ንምፍላጥ ይመራመር እዩ።

ኣብተን ኣብ ሰባት እተገብራ ዝሓለፋ መርመራታት (ደረጃ 1ን 2ን) ንመርዝነት ዚምልከት ፍሉይ ጥንቃቐ ተገይሩ ኢዩ (ሓደ ባእታ ክሳዕ ክንደይ መርዛም ምዃኑ ዚገልጽ)፡ ከምኡውን እቲ ባእታ ነቲ ሰብኡትን ኣንስትን ንኺወልዱ ዘለዎም ዓቕሚ ዚጸልዎ ምዃኑ። እቶም ንተቐባልነት ክታበት ኮሮናቫይረስ መሰረት ዝኾኑ ሳየንሳዊ መጽናዕቲ ኣብ ኩሉ ናይ መርመራ ጸብጻባት (EPAR) ይግለጹ ኢዮም።

*Mer om coronavaccinernas innehåll*

https://www.lakemedelsverket.se/sv/coronavirus/coronavaccin

## ክታበት ነቲ ናትካ ዲ.ኤን.ኤ ኣይልውጦን ኢዩ

**ክታበት ነቲ ናይ ዲ.ኤን.ኤ ቅርጺ ይልውጦ ኢዩ ዚብል ዝንቡዕ ሓበሬታ ይናፈስ ኣሎ። እዚ ግን ልክዕ ኣይኮነን።**

እቲ mRNA ዚብሃል ባእታ ኣብ ነፍስወከፍ ዋህዮና ይርከብ ኢዩ። ንሱ ሪቦንኑክለይስ ዝመሰረቱ ቅርጺ ኮይኑ ንዋህዮ ከመይ ገይሩ ኪሰርሕ ከም ዘለዎ ይሕብሮ። ገለ ቫይረሳት (ከም ንኣብነት SARS-CoV-2) RNA ኪህሉዎም ይኽእል ኢዩ፡ ንሳቶም ድማ ነቲ ዋህዮ ነቲ ቫይረስ ከም ብሓድሽ ኪሰርሖ ይሕብሩዎ፡ በዚ ከምዚ ድማ እቲ ቫይረስ ኣብ ኣካላት ይባዝሕ።

እቶም mRNA መሰረት ዚገብሩ ኣንጻር ኮቪድ-19 ዚሰርሑ ክታበታት (ኮሚራንቲ፡ ሞደርና) ነቶም ዋህዮታት ነቲ SARS-CoV-2 ዚመስል ኢትፕሮቲን ከም ዚሰርሑ ይገብሩዎም፡ ብኸምዚ መገዲ ድማ ነቲ ናይ ተጻዋርነት ብቕዓት የለዓዕሉዎ። እቶም ፕሮቲን ከም ቫይረስ ነገራት ወይ ሓድሽ RNA ንኺሰርሑ ተኽእሎ የብሎምን። ስለዚ በቲ ክታበት ክትልከፍ ዚከኣል ኣይኮነን። ብድሕርʼዚ ናይ ሓቂ ኮሮናቫይረስ ነቲ እተኸትበ ሰብ ምስ ዚለኽፎ፡ እቲ ናይ ምጽዋር ኣካላዊ ዓቕሚ ተዳሊዩ ስለ ዚጸንሕ፡ ነቲ ቫይረስ ከጥቅዖ ይኽእል እዩ።

ናይ ሰብ ዋህዮታት ን RNA ናብ DNA ኪልውጡዎ ኣይክእሉን ኢዮም። ከምኡውን mRNA-ክታበት ነቲ ናይ ወድሰብ ጀኖም ኪልውጡዎ ኣይክእሉን። እቶም mRNA ዘለዎም ክታበታት ኣብቲ ኣካል ምስ ኣተዉ ብቕልጡፍ ኢዮም ዚሰባበሩ።

እቶም ኣብዚ እዋንʼዚ ቅቡላት ዝኾኑ ናይ ቫይረስ ቨክቶር ክታበታት (ቫክስዘቭርያን ጃንሰንን) ካብቲ SARS-COV-2 ንስፓይክፕሮቲን ዝምዝግቡሉ DNA ኣለዎም። እዚ DNA ኣብቲ ዋህዮና ናብ RNA ይልወጥ፡ ጸኒሑ ድማ ናብ ኢትፕሮቲን ይልወጥ፡ ማለት ከምቲ mRNA-ክታበት ነቲ ተጻዋርነት ዚፈጥሮ። እቲ ኣብዚ ናይ ቫይረስ ቨክቶር ዘሎ DNA ኣብቲ ናይ ኣካላትና DNA ኣይሕወስን ኢዩ፡ ነቲ ናትና ጀኖም ድማ ኣይልውጦን ኢዩ።

*Mer om coronavaccinernasinnehåll*

https://www.lakemedelsverket.se/sv/coronavirus/coronavaccin

## ናይ ኮሮና ክታበት ማይክሮቺፕስ የብሉን

**ኣብ ውሽጢ ክታበት፡ ንምክትታል ሰብ ዘገልግል ማይክሮቺፕስ ኣሎ ዚብል ዝንቡዕ ሓበሬታ ኣሎ። እዚ ግን ብፍጹም ልክዕ ኣይኮነን።**

ማይክሮቺፕ ወይ ካልእ ናይ ስለያ ተክንሎጂ ዝሓዘ ክታበት የሎን። ኣብ ዝኾነ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት እውን የሎን።

*Mer om coronavaccinernas innehåll*

https://www.lakemedelsverket.se/sv/coronavirus/coronavaccin

## ኣብ ክታበት ምንም ምስጢራዊ ነገር የልቦን

**እቲ ኣንጻር ኮቪድ ዝኾነ ክታበት ኣብ ውሽጡ ምስጢራዊ ዝኾኑ ሓደገኛታት ባእታታት ኣለዉዎ ዚብል ዝንቡዕ ሓበሬታ ይናፈስ ኣሎ። እዚ ግን ልክዕ ኣይኮነን።**

ኣብ ክታበታት ሕቡእ ወይ ምስጢራዊ ነገር የሎን። እቲ ኣብ ክታበት ዘሎ ነገራት ኣብ ነናቱ ናይ ፍርያት ጸብጻቡ ወይ ኣብቲ መጠቕለሊሉ ይግለጽ ኢዩ፡ ኣብቲ ናይቲ መድሃኒት ወብሳይት እውን ይሕበር ኢዩ። ንኹሎም መድሃኒታትን ክታበታትን፡ ንኣገባብ ፍርያቶምን መሳለጥያታቶምን ዚምልከት በቲ ናይ መድሃኒት በዓልመዚ ቀጻሊን ስሩዕን ቁጽጽር ይግበረሎም ኢዩ።

ከም ኩሉ መድሃኒታት፡ ክታበታት እውን ገለ ነቲ ዓቕሚ ናይቲ መድሃኒት ዘቃላጥፉ ወይ ገለ ኣብቲ ፍርያት ዘገልግሉ ተረፍ ነገራት ኪህሉዎ ይኽእል ኢዩ። እዚ ግን ኣብቲ ኣብ ናይ ነፍስወከፍ ቅቡል ክታበት ዚርከብ ጸብጻብን ኣብቲ ናይቲ ፍርያት መጠቕለልን/መግለጺ ወረቐትን፡ ይሕበር ኢዩ።

*Mer om coronavaccinernas innehåll*

https://www.lakemedelsverket.se/sv/coronavirus/coronavaccin

LÄKEMEDELSVERKET
SWEDISH MEDICAL PRODUCTS AGENCY

Folkhälsomyndigheten

## ብክታበት ምኽንያት ኮቪድ-19 ኣይሕዘካን ኢዩ

**ሓደ ሰብ በቲ ጸረ ኮቪድ-19 ዝኾነ ክታበት እውን ኮቪድ-19 ኪሕዞ ይኽእል ኢዩ ዚብል ዝንቡዕ ሓበሬታ ይናፈስ ኣሎ። እዚ ግን ልክዕ ኣይኮነን።**

ሓደ ሰብ ብምኽንያት ክታበት፡ ኮቪድ-19 ኪሕዞ ኣይክእልን ኢዩ፡ ምኽንያቱ ድማ እቲ ክታበት ንገዛእ ርእሱ ኪሃንጽ ዚኽእል ብቕዓት ዘለዎ ቫይረስ የብሉን። ይኹንምበር፡ ምስ ተኸተብና እቲ ናይ ኣካላትና ናይ ተጻዋርነት ዓቕሚ ልክዕ ከም ናይ ሓቂ ቫይረስ ዘጥቅዖ ገይሩ ኢዩ ዚሰርሕ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ድሕሪ ክታበት ከም ረስኒ፡ ሕማም ርእስን ድኻምን ኪስመዓና ንቡር ኢዩ። እዚ ድማ ምስ ረኸሲ እተኣሳሰረ ልሙድ ናይ ተጻዋርነት ግብረመልሲ ኢዩ።

ካብቶም ቅቡላት ዝኾኑ ጸረ-ኮቪድ-19 ክታበታት ሓደኳ ምሉእ ምክልኻል ዚህብ የሎን፡ ስለዚ ወላ ምስ ተኸተብካ እውን ከም ብሓድሽ ብኮቪድ-19 ክትጥቃዕ ዘሎካ ዕድል ብውሑድ መገዲ ኪቕጽል ይኽእል ኢዩ። ይኹምበር፡ ከምዚ ኪብሃል ከሎ፡ ነቲ ሕማም ብምኽንያት ክታበት ኣምጺእካዮ ማለት ኣይኮነን።

*Mer om coronavaccinernas innehåll*

https://www.lakemedelsverket.se/sv/coronavirus/coronavaccin

## ክታበት ናይ ሰብ ዋህዮታት የብሉን

**ክታበታት ኣብ ውሽጦም ናይ ሰብ ዋህዮታት ኣለዎም ዚብል ዝንቡዕ ሓበሬታ ይናፈስ ኣሎ። እዚ ግን ልክዕ ኣይኮነን።**

እቶም ቅቡላት ዝኾኑ ናይ ቫይረስ ቨክቶር ክታበታት (ቫክስዘቭርያን ጃንሰንን)፡ ኣደኖቫይረስ እተባህሉ ልሙዳት ናይ ጉንፋዕ ቫይረስ ኣለዎም። እዚ ድማ ኣብ ጭዋዳታትና ምስ ተወጋእና እቲ ኣብቲ ክታበት ዘሎ DNA-ነገር በቶም ዋህዮታት ንኺውሰድ ተባሂሉ ኢዩ። እቲ DNA ቕሩብ ተለዊጡ ብምኚኑ ሕማም ዘየስዕብ ኢትፕሮተኢን ኢዩ ዚሃንጽ፡ እዚ ድማ ምስቲ ናይ ኮሮና ቫይረስ SARS-CoV-2 ይመሳሰል ኢዩ፡ ድሕሪ ክታበት ድማ ተጻዋርነት ይፈጥር።

ኣደኖቫይረስ ኣብቲ ናይ ዋህዮታት ፍርያት ብንግዳዊ መገዲ ኢዩ ዚምስራሕ፡ ኣብ 1970ታት ከኣ ካብ ማህጸን ተጻሪዩ ይፈሪ ነይሩ። ኣብቲ መስርሕ ከለኡ፡ እቶም ዋህዮታት ኣዚዮም ተጻሪዮምን ነጺሆም ብምኚኖም፡ ኣብቲ ክታበት ኣሰሮም የሎን።

*Mer om coronavaccinernas innehåll*

https://www.lakemedelsverket.se/sv/coronavirus/coronavaccin

## እቶም ክታበታት ብወግዒ ቅቡላት ኢዮም

**እቲ ንኮቪድ-19 ክታበታት ኣብ ኤውሮጳ እተዋህበ ኩነታዊ ተቐባልነት፡ ምሉእ ተቐባልነት ኣይረኸበን ዚብል ወረ ይናፈስ ኣሎ። እዚ ግን ልክዕ ኣይኮነን።**

እቶም ኣብ ሽወደንን ኣብ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ቅቡላት ዝኾኑ ክታበታት ኩነታዊ ተቐባልነት ኣለዎም፡ ከምዚ ኪብሃል ከሎ ድማ እቲ ኩባንያ ኣብቲ ናይ ተቐባልነት ውዕል ዘይነበረ ካልእ ሰነዳት ከቕርብ ይድለ ኢዩ ማለት ኢዩ።

ስለዚ እቲ በዓልመዚ፡ እቲ ክታበት ብቑዕን ውሑስን ከምኡውን እቲ ናይ መስርሑ ኣገባት ነቲ መምርሒታት ዘማልእ ከም ዝኾነ ዚገልጽ እኹል መርትዖታት ኣለዎ።

ብድሕር'ዚ ዚጥየቕ ነገር፡ ንኣብነት ንመስርሕ ፍርያት ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ወይ ኣብ ክሊንካዊ መጽናዕቲ እተመርኮሰ ደምዳሚ ጸብጻብ ኪኸውን ይኽእል። እዚ ሕቶ'ዚ ምስ ዘይማላእ፡ እቲ ተቐባልነት ዳግማይ ይረአ። ኩነታዊ ተቐባልነት ንክታበት ጥራይ ዚምልከት ኣይኮነን፡ ከምዚ ዝበለ ኣሰራርሓ፡ ንሓደ ከቢድ ሕማም ንምሕዋይ ወይ ንምዕጋት

ኣብ ዚካየድ ሕክምናዊ ኣጋጣሚታት እውን ይዝውተር ኢዩ። ስለዚ እዚ ኣብ ሃገር ሽወደን ዚካየድ ዘሎ ክታበት፡ ክሊኒካዊ መፈተኒ ኣይኮነን።

## ተዛማዲ ሓበሬታ

ንኮሮና ቫይረስ ዚምልከት ተወሳኺ ሕቶ ኣሎካዶ? ነቲ ንኮቪድ-19 ዚምልከት ናይ በዓልመዚ ፍርያት መድሃ ሕቶን መልስን ብተወሳኺ ኣንብብ፡ ወይ ድማ ነቲ ሕቶኻ ከተቕርበሉ እትኽእል ንኮቪድ-19 ዚምልከት ናይ መድሃኒት ሓበሬታ ሕቶን መልስን ረኺብካ ብተወሳኺ ኣንብብ።